## መልሲ ንቃለ-መሓትት ኣቶ ሕሩይ ተድላ፡ ዋና ጽሓፊ ሃ.ም.ኤ.



ብመንግስተኣብ ኣስመሮም
ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ስርዒታዊ ጉዳያት
ተሓኤ-ሰውራዊ ባይቶ

22.11.2002

ኣቶ ሕሩይ ተድላ ባይሩ ምስ "ኤርትራዊ ምሕዝነት" እተባህለ መጽሔት ዝገበሮ ቃለ-መሓትት ኣብ መርበብ ኢንተርነት ኤርትራውያን ተለጢፉ ምንባሩ ዝዝከር እዩ።

ኣቶ ሕሩይ ዝሃቦ መልስታት፡ ብጽሑፍ ክትርእዮ ነዊሕ እኳ እንተመሰለ፡ እቲ ምድግጋምን ቆጸልጸል ዝብል ሕብርታት ቃላቱን ኣራጊፍካ፡ ኣብዘን ዝስዕባ ነጥብታት ክጽሞቕ ይከኣል።

1. ተሓኤ-ሰውራዊ ባይቶ፡ ናይ ዞናና መንግስታት ጣልቃ ስለዝኣተውኦ፡ ኣይቕበልን እየ ኢሉ ንኣኼባ ረጊጹ ወጺኡ፤
2. ኣኼባ ረጊጹ ምውጻኡ፡ ንቻርተርን ህንጻ ሕግን ሃሪሙ፤ ንዲሞክራስያዊ ጥርናፈ ጥሒሱ፤
3. ርእይቶኡ ኣፍሲሱ፡ ናይ ኣኼበኛታት ርእይቶ ክሰምዕ ዘይምድላዩ ዲሞክራስያዊ ኣይኮነን፤
4. መነመን እየን እተን ንሕሩይ ናይ ዞናናን ዓለምናን ደገፍ ስለዘለዎ ክንመርጾ ኢና ዝበልኦም ውድባት ክጠቕስወን ኣይከኣሉን፤ ዘረባና ክሰምዑ ዘይደለይሉ ምኽንያት ውን፡ ነዚ ብጭብጢ ከቕርቡ ስለዘይክእሉ እዮም። ናይ ውልቀ-ሰባት ዕላል ከም ጭብጢ ወሲዶም ክዛረብሉ ቅኑዕ ኣይኮነ።
5. ንሓድሽን ነባርን ዝፈላሊ ሕጊ ናይ ምርጫ ኣብ ህንጻ-ሕጊ ምሕዝነት የለን፤
6. ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ንነፍሱ ዓቢ ውድብ ብምቝጻር ነተን ካልኦት የቆናጽብ፤
7. ብኢንተርነት ኣቢሉ ነቲ ቅልውላው ምዝርግሑ ንስርዓት ህግዲፍ ዘገልግልን ንህዝብና ተስፋ ዘቝርጽን ነይሩ ዝብላ እየን።

እቲ ንሓውና ሕሩይ ተድላ ዝቐረበሉ ናይ መጀመርያ ሕቶ፡ "ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፡ "ኣብቲ ዝተኻየደ ምርጫ ናይ ደገ ኢድ ምትእትታው ነይርዎ፡ ስለዚ ከኣ፡ ቅኑዕን ፍትሓውን ኣይኮነን። ንሕና ነዚ ተቓዊምና ወጺእና" ይብሉ። ብዛዕባዚ ከም ጭብጢ ገይሮም ዘቕረብዎ ከኣ፡ ሕሩይን መብዛሕትኦን ውድባትን ኢለናና ዝብልዎ፡ ቃል ንቓል ክንጠቕሶ "ብዛዕባቲ ናይ ምርጫ ብዝምልከት፡ ከምቲ ምስ ካልኦት ምስ ኣቶ

ሕሩይ ወኸሳ ምስተገብረ'ውን፣ ሕፍር ከይበለ ናይዚ ዞና እዚ መንግስታት ምራሕ ይብላኒ ኣለዋ፣ ኣህጕራዊ ደገፍ ክሳዕ ናይ ኣመሪካ ኣሎኒ፣ እዘን ውድባት ውን ኵለን ተሰማሚዐናሉ ኣለዋ ክብል ኣረጋጊጹ” ይብል። ብዛዕባዚ ርእይቶኻ እንታይ እዩ ዝብል ነበረ።

እዛ ንሓውና ሕሩይ ዝቐረበትሉ ቀዳመይቲ ሕቶ ንገዛእ ርእሳ፣ እቲ ሓታታይን እቲ መላሳይን ንሓንቲ ዕላማ ንምህራም ብሓባር ኣብ ሓደ መዝገብ ወይ ኣብ ሓደ ድፋዕ ከምዝሓደሩ እያ ተመልክት። እቲ ክሃርምዎ ዝደልዩ ዕላማ ከኣ፣ ነዚ ተረኺቡ ዘሎ ቅልውላው መዝሚዞም ንዝምድና ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ንምብልሻው እዩ። ነዚ ንምባል ዘብቕዓና፣ እቲ ኣብታ ሕቶ ንገዛእ ርእሱ ሰፊሩ ዘሎ ተገራጫዊ ትሕዝቶታት እዩ። እቲ ቀዳማይ ክፋል፣ ማለት፣ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ “ኣብቲ ዝተኻየደ ምርጫ ናይ ደገ ኢድ ምትእትታው ነይርዎ፣ ስለዚ ከኣ፣ ቅኑዕን ፍትሓውን ኣይኮነን። ንሕና ነዚ ተቓዊምና ወጺእና” ኢሉ ይብል። እዚ፣ ብርግጽ ናትና ቃላት ኣይኮነን። ኣብ ዝኾነ ይኹን ብቃል ድዩ ብጽሑፍ ዝሃብናዮ መግለጺ፣ ከምዚ ዝብል ቃላት ሕሩይ ይኹን ሓታቲኡ ከም ጭብጢ ከቕርብዎ ኣይክእሉን እዮም። ስለምንታይ ደኣ ዘይተባህለ ነገር ተባሂሉ ክብሉ መሪጾም ንዝብል ሕቶ ድማ ከምኡ ዝብል ተረድኦ ብምስራጽ ከረጋግጽዎ ዝደለዩ ደርሆ ጻሕቲራ እተውጽእ ምስጢር ስለዘለዎም እዩ። ከምዚ ቃላት እዚ ከምዘይወጸናን ከምዘይበልናን ኣብቲ ካልኣይ ክፋል ናይ ቀዳማይ ሕቶ ቀሪቡ ዘሎ ሓሳብ ባዕሉ የብርሆ እዩ። ስለዚ ከኣ ኢና እቲ ሕቶ ንገዛእ ርእሱ ተገራጫዊ እዩ ዘበልና።

እቲ ካልኣይ ክፋል ናይቲ ሕቶ፣ “ብዛዕባቲ ናይ ምርጫ ብዝምልከት፣ ከምቲ ምስ ካልኦት ምስ ኣቶ ሕሩይ ወኸሳ ምስተገብረ ውን፣ ሕፍር ከይበለ ናይዚ ዞና እዚ መንግስታት ምራሕ ይብላኒ ኣለዋ፣ ኣህጕራዊ ደገፍ ክሳዕ ናይ ኣመሪካ ኣሎኒ፣ እዘን ውድባት ውን ኵለን ተሰማሚዐናሉ ኣለዋ ክብል ኣረጋጊጹ” ዝብል ቃል ብርግጽ ናትና ቃል እዩ። ኣቶ ሕሩይ፣ እቲ ምምኽኻር ወይ ምውኽኻስ ብክልተኣዊ ደረጃ ይካየድ ስለዝነበረ፣ ምስክር ኣይርከብን እዩ ካብ ዝብል መበገሲ ኣሉ ክብል እኳ እንተፈተነ ንሕልናኡ ክሕስወላ ወይ ከታልላ ግን ፈጺሙ ኣይክእልን እዩ።

ኣቶ ሕሩይ፣ ኣብ መልሱ እተገደሰላ ሓንቲ ጕዳይ ኣላ። ንሳ ከኣ፣ ወከልቲ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብቲ ንምምራጽ መሪሕነት ተባሂሉ እተገብረ ኣኼባ ንዓይ ስመይ ጸዊያም ከምዚ ኣብ ላዕሊ ሰፊሩ ዘሎ ክሲ ኣየቕረቡለይን፤ ድሕሪ ኣኼባ እዮም ክኸሱኒ ጀሚሮም ትብል እያ። ልክዕ እዩ፣ ንሕና ኣብቲ ኣኼባ፣ መብዛሕትኦን ውድባት ምሕዝነት፣ ሕሩይ፣ ናይ ዞናናን ናይ ዓለም መንግስታትን ደገፍ ስለዘለዎ ክንመርጾ ኢና ዝብል ቃል ከምዘስምዓና ኢና ገሊጽና እምበር ኣብ ዝርዝራት ክንኣቱ ኣይመረጽናን። እንተኾነ ግን፣ ኣቦ መንበር ላዕለዋይ መሪሕነት ሓው ዓብደላ ኢድሪስን ዋና ጽሓፊ ጠቕላሊት ሰክረታርያ ሓው ሕሩይ ተድላን ንምንጥልጣል ወይ ምድስካል ኣባልነትና ኣመልኪቶም ናብ ተወከልቲ ውድብና ኣብ ዝለኣኽዎ ደብዳቤታት ከምኡ ዝበልኦም ውድባት በዓል መን ምዃነን ከነብርህ ስለዝሓተቱና፣ ሕሩይ ዝበሎ ከም ኣብነት ጠቒስና ክንሓልፍ መሪጽና። ሕጂ ውን፣ ገጽ ንገጽ ተራኺብና መን እንታይ ኢሉና ከነብርህ ድልዋት ኢና።

እቲ ዘገርም ግን፣ ኣቶ ሕሩይ ዝኾነ ሃሁ ናይ ፖለቲካ ዝፈልጥ ከምዚ ክብል ኣይኽእልን እዩ ዝብል መልሲ ምሃቡ እዩ። እቲ ኣብ ፖርትሱዳን ምስ ህዝቢ ዝገበሮ ኣኼባ ንዘርእን ሃይማኖትን ኣልዒሉ ዝሃቦ መግለጺኸ ካብ ሃሁ ናይ ፖለቲካ ዘይፈልጥ ሰብ ድዩ ወጺኡ። ሓደ፣ ሃሁ ናይ ፖለቲካ ዝፈልጥ ክብሎ ዘይክእል ግን ሕሩይ ዝበሎ ነገራት ኣብ

ምቐጻር እንተኣቲና ከኣሞ፡ ካብ ሒዝናዮ ዘሎና ኣጀንዳ ከውጽኣና ስለዝኽእል ንግዚኡ ኣኼባ ፖርትሱዳን ጥራሕ ጠቒስካ ምሕላፍ ይሓይሽ።

ኣቶ ሕሩይ ኣሉ ዘይብሎ ሓደ ሓቂ ምጥቃስ ግን ኣድላዪ ኰይኑ ይስምዓና። ኣኼባ ላዕለዋይ መሪሕነት እናተኻየደ እንከሎ፡ ኣብ መዓልቲ ናይ ምምኽኻርን ምውኽኻስን ጌና ከይተበጽሐ እንከሎ፡ ዓብደላ ኢድሪስን ሕሩይ ተድላን ክምረጹ እዮም ዝብል ሓበሬታታት ኣብ ብሕታዊ ጋዜጣታትን ኣብ ዓዋተ.ኮምን ምውጽኡ፥ እንታይ ይግበር፡ እንታይ ይስራሕ ከምዝነበረ ዘረጋግጽ እኹል ምስክርነትዶ ኣይኮነን!!! ውድባት ምሕዝነት ውን፡ ንሓው ሕሩይ ተድላ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ተዓቅቦ ወይ ተቓውሞ፡ እሞ ከኣ ምሕዝነት ኣብ ቅልውላው ኣትይሉ ኣብ ዝነበረ ህሞት፡ ብምሉእ ድምጺ ክመርጽኦ ከለዋ እንታይ ማለት ድዩ? ወከልቲ ሰውራዊ ባይቶ ዘይሰምዑና፡ ርእይትኦም ጥራይ ኣፍሲሶም ከይዶም ዝብል ምስምስ ካብ ምፍጣር፡ ንዝወሰድዎ ስጉምትን ንኣኼባ ናይ ምሕዝነት ኣካቢብዎ ዝነበረ ናይ ምረጹኒ ወፈራን ተመሊሶም እንተዝምርምርዎ ምሐሾም በሃልቲ ኢና።

ህዝቢ ኤርትራ ይኹን መሰረታት ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ፡ ኣቶ ሕሩይ ዋና ጽሓፊ ሰክረታርያ ክኾውን ስለምንታይ ተመሪጹ ንዝብል ሕቶ ክሳዕ ሕጂ መልሲ ኣይረኸብሉን። መሰሉ ስለዝኾነ ተመሪጹ ዝብል መልሲ ኣዕጋቢ ኣይኮነን፤ ምኽንያቱ ኩሉ እቲ ካልእ ውድባት ክምረጽ ውን መሰል ነይርዎ እዩ። ስለምንታይ ሕሩይን ንሱ ዝመርሖ ኮኣፐራቲቫዊ ፓርትን ካብ ካልኦት ውድባት ተመሪጹ? እንታይ ብልጫ ስለዝለዎ እዩ? ስለምንታይ ብምሉእ ድምጺ ተመሪጹ? ...ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ዘዕግብ ፖለቲካዊ መልሲ ክውሃቦም ይጽበዩ እዮም ዘለዉ። ነዝን ከምዝን ዝኣመሰለ ሕቶታት ክምልሱ ስለዘይከኣሉ ከኣ እዮም፡ ንሕና ብሕቶታትኩም ክንውሓጥን ንሕቶታትኩምን ክንምልስን ኣይመጻእናን ኢሎም ወረቓቕቶም ኣኪቦም ንኣኼባ ህዝቢ ፖርትሱዳን ረጊጾም ዝወጹ። ናይ ህዝቢ ሕቶ ካብ ምምላስ ሓሊፎም ካልእ ንፖርትሱዳን ዘኸዶም እንታይ ካልእ ዕማም ነይርዎም ድዩ? ወይስ መሩቕልና ክብሉ እዮም ከይዶም።

እወ፡ ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ ንሕና ንሕሩይ ከም ዋና ጽሓፊ ምምራጽ ንውድባት ምሕዝነት ዘናሹ፡ ዘሕፍር፡ ዘየተኣማምንን ተግባር እዩ በሃልቲ ኢና።

ኣቶ ሕሩይ፡ ተወከልቲ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ "ኣብ ግዜ ምርጫ፡ ብዛዕባቲ ምርጫ ኣመልኪቶም ርእይትኦም ጥራይ ኣቕሪቦም ክወጹ፡ ርእይቶ ናይቲ ኣኼበኛ ክሰምዑ ግን ፍቓደኛታት ዘይምዃኖም፡ ካብ ምንታይ ዝተበገሰ እዩ" ንዝብል ሕቶ ክምልስ ከሎ፥ ሰውራዊ ባይቶ፡ እቲ ሓቂ ብግሁድ ወጺኡ ክዝረበሉ ስለዘይደለዩ፥ ርእይቶ ናይ ካልኦት ክትሰምዕ ዘይምድላይ ዘይዲሞክራስያዊ ምዃኑ፤ ከምኡ ውን፡ ኻልእ ሕቶ ኣመልኪቱ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ተመኩሮ ኣብ ቃልስና ይኹን ኣብ ልምድና ከምዘይጸንሐ እዩ ክገልጸልና ፈቲኑ።

ብመሰረቱ፡ እቲ ኣኼባ ኣዋጅ ንምጽዳቕን መሪሕነት ንምምራጽን እተጸውዐ ኣኼባ እዩ ነይሩ። ኣብቲ ናይ ምምኽኻርን ምውካስን መዓልቲ ኩሉ ጉዳያት ተላዒሉስ ክንረዳድኣሉ ኣብ ዘይንኽእል ዕጽው መንገዲ ኢና በጺሕና። ኣብዚ ናይ ምውኽኻስን ናይ ምምኽኻርን መድረኽ እዚ፡ ንምርድዳእ ዝሕግዝ ንእሽቶይ ጩራ ተራእዩ ነይሩ እንተዝኸውን፥ ንጉዳይ ምርጫ ኣልዒልካ ክትዕ ምክያድ ይከኣል ነይሩ። ኣብ ድምዳሙ፡ መእተውን መውጽእን ዘይብሉ ርእይቶ ግን፡ እቲ እተባህለ ምድጋም እንተዘይከይኑስ ካልእ ዘምጽኦ ፋይዳ ኣይነበረን። እዚ ብሓደ ሸነኽ። ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ሓደ ውድብ ድምጹ ብተቓውሞ ድዩ፡ ብተዓቕቦ ድዩ ወይስ ካብ ኣኼባ ነብሱ ብምግላል ድዩ ዝገልጾ ናቱ ውሳኔን ምርጫን እዩ። ኩሉ ከኣ፡ ኣብ ዲሞክራስያዊ ኣሰራርሓ ዝፍቀድ መሰላት እዩ። ኣቶ ሕሩይ፡ ንኣኼባ ረጊጽካ ምውጻእ ዘይዲሞክራስያዊ እዩ ኢሉ ምግላጹ ዘስደምም እዩ። እዚኣ ውን፡

ተሰኪፉ ብሕብእብእ፣ ኣብ ዲሞክራስያዊ ሃገራት እምበር፣ ኣብ ተመኩሮና ልሙድ ኣይኮነን ብምባል እዩ ክምልሳ ፈቲኑ። ክሕባእ ምፍታኑ ኣየገርምን እዩ፣ ምኽንያቱ እትረፍዶ ኣብ ሽወደን ዝነብር ሰብሲ፣ ኣብ ኣፍሪቃ ዝነብር ውን እንተኾነ ኣብ ክንደይ ኣህጉራዊ ትካላትን ኣብ ፓርላማታትን ኣኼባ ረጊጾም ዝወጹ ወከልቲ ብተለቪዥንን፣ ብጋዜጣ ወይ ብረድዮ ርእዩን ኣንቢቡን ሰሚዑን ክሸውን ከምዝኽእል ኣቶ ሕሩይ ጽቡቕ ገይሩ ይፈልጥ እዩ። ኣኼባ ረጊጾም ናይ ዝወጹ ተወከልቲ ብዙሕ ኣብነታት ከነቕርብ ንኽእል ኢና። ግን፣ ኣቶ ሕሩይ፣ ከምታ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ዝበላ፣ እዚ ደኣ ናይ ስልጡናት ሃገራት ምዕራብ ባህሊ እንድዩ ከይብለና፣ ኣብ ኢትዮጵያ ዘጋጠመ ተመኩሮ ክንጠቕሰሉ። ናይ ኢትዮጵያ ባይቶ ሕገ-መንግስቲ ከጽድቕ ኣብ መጋባእያ እንከሎ፣ ሻለቃ ኣድማሴ እተባህሉ ኢትዮጵያዊ፣ ነታ መሰል ብሄር ብሄረ-ሰባት ክሳዕ ምግንጻል እተፍቅድ ንድፊ ዓንቀጽ 39 ብምጽራር ካብቲ ኣኼባ ስሒቦም ናብ ደገ ወጹ። እታ ኣጀንዳ ምስ ተደምጸላ ከኣ ተመሊሶም ኣብቲ ዝስዕብ ዓንቀጻት ክትየም ቀጺሎም። ሻለቃ ኣድማሴ ናብ ኣኼባ ክምለሱ ከለው፣ ክምለሱ የብሎምን ዝብል ድምጽታት ካብ ገለገለ ኣኼበኛታት ተሰሚዑ ነይሩ እዩ። ነቲ ኣኼባ ዝመርሑ ዝነበሩ ኣቦ መንበር ግን፣ ኣኼባ ረጊጾም ክወጹ መሰሎም ከምዝኾነ ድሕሪ ምብራህ ኣብቲ ዝስዕብ ጉዳያት ክሳተፉ ኣፍቀዱሎም። ኣቶ ሕሩይ፣ መራሕ ናይዛ ኣኼባ እዚኣ ነይሮም እንተዝኾኑ ግን፣ ሻለቃ ኣድማሴ በታ ዝወጻእኩምዋ ትረፉ ምተባህሉ ነይሮም። ኣብ ሃገርናኸ፣ ኣቦታትና ዘይሰማምዕሉ ጉዳይ እንተኣጋጢምዎም ነጸልኦም ነጊፎም ንባይቶ ረጊጾም ዝኸድሉ እዋን ኣሎ እንድዩ። እዚ ብምግባሮም፣ ካብ ባይቶ ዓዲ ተኣጊዶም ወይ ተንጠልጢሎም ዝብል ሓበሬታ ግን፣ ሰሚዕና ኣይንፈልጥን። ስለዚ፣ ኣቶ ሕሩይ ኣብ ባህልናን ልምድናን ኣይነበረን ክብል ከሎ እንታይ ማለቱ እዩ?

ኣቶ ሕሩይ ንመዋእል ብረታዊ ተጋድሎ፣ ብመሰረቱ ወተሃደራዊ ጠባይ ዝነበሮ መድረኽ፣ ምስ ድሕረ ናጽነት ዘሎ መዋእል ኣዘባሪቑ፣ ኣብ ተመኩሮና ኣይተራእየን ኣብ ልምድና ኣይጸንሐን ምባሉ ክሳዕ ክንደይ ንበለጽ ተሓንጊርዋን ሓንጊርዋን ከምዝኸይድ ዘሎ ጥራሕ እዩ ዘመልክት። ድሕሪ ናጽነት ኣብ ዘሎ መድረኽ፣ በቲ ቅድሚ ናጽነት ዝነበረ ኣተሓሳስባን ልምድን ክንከዶ ኣሎና ማለት ድዩ? ምቛም ፓርትታ፣ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት፣ ናጽነት ናይ ፕረስ፣ ግዝኣተ-ሕጊ፣ ቅዋም፣ ናጻ ቤት ፍርዲ ወዘተ ዝብሉ ጠለባት፣ ኣብ ግዜ ብረታዊ ተጋድሎና ስለዘይተላዕሉ ሎሚ ክልዓሉ የብሎምን ማለቱ ድዩ?

እቲ ዘገርም ግን፣ ሓውና ሕሩይ “ማንም ኣባል ምሕዝነት ዝኾነ ሓይሊ፣ ምስ መሰረታዊ መትከላዊ እምነታቱ ፈጺሙ ዝጋጮ ተርእዮ ገጢምዎ፣ ምስቲ ዝተረፈ ሓይሊ ብሓባር ክሰርሕ ዘኽእሎ ዕድል ኣብ ዕጽው ደረጃ ኣብ ዝበጽሓሉ ግዜ፣ ብሰላም ክፋላለን ካብቲ ግንባር ክወጽእን መሰሉ ዝተሓለወ እዩ” ምባሉ እዩ። ኣቶ ሕሩይ ክሳዕ ንምሕዝነት ጠንጢና ክንከይድ መሰል ከምዘሎና እናተኣመነስ፣ ንብደቓይቕ እትውዳእ መስርሕ ናይ ምርጫ ነብስና ከነግልል ምምራጽና ግን ዘይዲሞክራስያዊ፣ ኣብ ልምድና ዘይነበረ ተግባር ኢሉ መሰልና ክነፍገና ተጋራጫዊዶ ኣይኮነን? እወ፣ ኣቶ ሕሩይ ንምሕዝነት ጠንጢና ክንከደሉ እዩ ዝምነ ነይሩ፤ ስለዚ ከኣዩ፣ ንኣባልነትና ኣብ ምንጥልጣል እተጓየየ። እትረፍዶ፣ ንሓደ ሓሳብ ተጻሪሮም ኣኼባ ረጊጾም ምውጻእ፣ እቲ ኣጀንዳ ባህ ዘየበሎም ኣብ ገዝኦም ኮፍ ክብሉ ዝመርጹ ተወከልቲ ፓርላማ፥ ወይ ድማ ካብ ኣህጉራዊ መጋባእያታት ዝተርፉ ወከልቲ መንግስቲ ከምዘለዉ ኣቶ ሕሩይ ጽቡቕ ገይሩ ይፈልጥ እዩ።

እቶ ሕሩይ፣ ኣየናይ መንፈስን ፊደልን ናይ ቻርተር እዩ ተሃሪሙ ዝብል ሕቶ ቀሪብሉ ክምልስ ከሎ፣ እቲ ሽዑ ሽዑ ዝጸደቐ ህንጻ ሕጊ ኣብ መንገዶ ነባርን ሓድሽን ኣይፈላልን እዩ ዝብል መልሲ ሂቡ። ብሓቂ ክንዛረብ እንተደኣኮና፣ ህንጻ ሕጊ ናይ ምሕዝነት

ኣብ ግብሪ ውዒሉ ነይሩ እንተዝኸውን ሕሩይ ይትረፍዶ ክምረጽ፡ ኣብ ምሕዝነት ክኣቱ ውን፡ ኣይምኸኣለን። ብመሰረት ህንጻ ሕጊ ምሕዝነት ሓደ ሓድሽ ውድብ ኣባልነት ክረክብ፡ ብጉባኤ ዝጸደቐ መደብ ዕዮን ውሽጣዊ ሕግን፡ ብጉባኤ እተመርጸ መሪሕነትን ዝርዝር ኣስማት ኣባላታን፡ እቲ ውድብ ህይወት ከምዘለዎ ዘረጋግጽ ኣብ ህዝቢ ዘካየዶ ንጥፈታትን ክህልዎ ኣለዎ ዝብል እዩ። በዚ ህንጻ ሕጊ እዚ መሰረት፡ ብመሓመድ ዑስማን ኣቡበከር ዝምራሕ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ ንሓደ ዓመት ዝኣክል ግዜ ከም እተጸበየ ዝፍለጥ እዩ። ብሕሩይ ዝምራሕ ኤርትራዊ ኮፐራቲቫዊ ፓርቲ ውን ዘየማልኦ ቅድመ-ኩነት ስለዝነበሮ፡ ከምኡ ክጽበ ወይ ከኣ ከም ውልቀ-ሰብ ክኣቱ ምተገብኦ ነይሩ። እዚ ዘይምዃኑ ብኩላትና ጌጋ ተፈጺሙ እዩ። እቲ ነዚ ዝገበረ ምኽንያት ከኣ፡ ካብ ርሑቕ መጺኡስ ባዶ ኢዱ ክምለስ ጽቡቕ ኣይኮነን፥ ካልኦት ንኽጽንበሩና ውን ኣይከተባብዕን እዩ፥ ዝጐደሎ ኣብ ጉዕዞ ክምልኦ ይኽእል እዩ ብዝብል የዋህ ገምጋም ስለ እተሓልፈ እዩ። ንዘይፈልጣን ዘይትፈልጦን ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ክመርሓ እዩ ዝብል ግምት ከኣ እሞ ፈጺሙ ኣይነበረናን።

ብመሰረቱ'ኸ፡ ሕሩይ መኣስ እዩ ናይ ቻርተርን ምሕዝነትን ተጣባቓይ ኰይኑ። ትማሊ ምሕዝነት ይኹን ተቓወምቲ ውድባት ፕሮግራም የብለንን ቻርተር እዩ ዘለወን፤ ሃገር ከኣ ብቻርተር ኣይትምራሕን እያ ዝብል ዝነበረስ፤ ሎሚ እንታይ ስለ ዝረኸበ'ዩ እዩ ክንድዚ ሓልዮት ንቻርተር ዝገበረ።

ንምብራህ ዝኣክል፡ ንሕና፡ መንፈስን ፊደልን ቻርተር ተሃሪሙ ክንብል ከሎና፡ እቲ “ሕሩይ ብመንግስታት ዞናናን ዓለምን ድጉፍ ስለዝኾነ ክምረጽ ኣለዎ” ዝብል ካብ ኣፍ ብዙሓት ውድባት ምሕዝነት ንዝሰማዕናዮ መለክዒ እዩ። ንሕና፡ ብወገና እቲ መለክዒ ናይ ምምራጽ መራሕትና ካብ ኤርትራዊ መንቀልን መለክዕን ዝብገስ ክኸውን ኣለዎ በሃልቲ ኢና። ቻርተር ምሕዝነት ውን ካብዚ ብዝተፈልየ ተረድኦ እዩ ተሓንጺጹ ዝብል እምነት የብልናን። እንተልይዎም ከኣ ባዕሎም ይዛረቡ።

ካብኡ ሓሊፉ ምሕዝነት ብስምምዕ (consensus) ክኸይድ ዝጸንሐ ውድብ ደኣምበር ከምቲ ኣቶ ሕሩይ ዝበሎ ብዲሞክራስያዊ ጥርናፈ ክኸይድ ዝጸንሐ ውድብ ኣይኮነን። ብመጀመርያ ምሕዝነት ብዝተሓተ መደብ ዕዮ እተኣሳሰረ፡ ከም ፌደረሽን ወይ ኮንፈደረሽን ናይ ውድባት፡ ብሊበራላዊ መንፈስን ኣገባብን ተጠርኒፉ ክኸይድ ዝጸንሐ ምትእኽኻብ ደኣምበር ብዲሞክራስያዊ ጥርናፈ ተቐይዱ ክኸይድ ዝጸንሐ ሓጺናዊ ውድብ ኣይኮነን። ቀንዲ ዕማም ናይ 5ይ ስሩዕ ኣኼባ ላዕለዋይ መሪሕነት ድማ፡ ነቲ ዝልቕ ዝበለ ሓድነት ናብ ዝሓሸ ደረጃ ናይ ስጥመት ንምምጻእ እዩ ነይሩ። ኣቶ ሕሩይ ኣብ ዲሞክራስያዊ ጥርናፈ ኣትኵሩ ምዝራቡ ነዚ እተገንዘቦ ኣይመስልን። ንምሕዝነት ሓድሽ ብምዃኑ ክግንዘቦ ውን ኣይተጸበናዮን።

ብተወሳኺ፡ ዲሞክራስያዊ ጥርናፈ ማለት ንኣኼባ ረጊጽካ ዘይ ምውጻእ ማለት ኣይኮነን። ዲሞክራስያዊ ጥርናፈ፡ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ እተመርጹ ወከልቲ ኣብ ዝሳተፍዎ ጉባኤ መደብ ዕዮኻ ምሕንጻጽን መሪሕነትካ ምምራጽን፥ መሪሕነት ንመሰረታቱ ተሓታቲ ምዃን፥ ታሕተዎት ኣካላት ንላዕለዎት ኣካላት ምምእዛዝ፤ ውሳኔታት ብብዝሒ ድምጺ ምጽዳቕ ...ወዘተ ዝብል ኣምራት ዝሓዘለ እዩ። ኣሰራርሓን ኣቃውማን ምሕዝነት ካብዚ ብዙሕ ይጐድሎ እዩ። ብመጀመርያ ክሳዕ መሰረታት ዝወርድ ቅርጻ ውድብ የብሉን። መሰረታት ዝሳተፍሉ ጉባኤታት የለን፤ መራሕቲ ምሕዝነት ከካብ ውድቦም ብሕርያ እዮም ዝመጹ፤ ብስምምዕ እንተዘይኰይኑ ብድምጺ ብልጫ ዝሓልፍ ውሳኔ ውን ኣይነበረን። ንኣብነት ሓደ ሰራዊት ምቛም ዝብል ዝበዝሐ ውድባት ይድግፎ እዩ። ዘይድግፍዎ ውሑዳት ውድባት ስለዘለዉ ግን፡ ክሳዕ ምሉእ ስምምዕ ዝረጋገጽ ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣይተኻእለን። ስለዚ፡ ኣቶ ሕሩይ፡ ብዛዕባ ኣየናይ ዲሞክራስያዊ ጥርናፈ እዩ

ዝዛረብ ዘሎ ኣይበርሃልናን። ብተወሳኺ፡ ንሓደ ውልቀሰብን ንሓደ በሸሓት ዝቑጸሩ ኣባላት ዘልውዎ ውድብን ዝውሃብ ድምጺ ማዕረ እዩ። ኣበይ ኣሎ እቲ ሕሩይ ዲሞክራሲ ኢሉ ዝዛረበሉ ዘሎ መዐቀኒ። እቲ ብሓደ ተጠርኒፍና ክንከይድ ዝመረጽናሉ፡ ስኒትን ምውህሃድን ምትእምማንን ንምፍጣር ብኡ ኣቢልና ከኣ ናይ ዲሞክራሲ ኣሰራርሓ ልምዲ ከነጥሪ ካብ ዝብል እምነት እዩ ደኣምበር፡ ዲሞክራስያዊ ዝኾነ ኣሰራርሓ ዘለዎ ምሕዝነት ስለዝነበረና ኣይኮነን። ብመትከል ዲሞክራስያዊ ጥርናፈ ዝሰራሕ ነይሩ እንተዝኸውን ከኣ እሞ፡ እቲ ምሕዝነት በዚ ሕጂ ሒዝዎ ዘሎ መልክዑ ንሕሩይ ኣይምጸንሖን ነይሩ። ንምኽኑኸ፡ ኣቶ ሕሩይ ካብ መዓስ እዩ ንመትከል ዲሞክራስያዊ ጥርናፈ ክጣበቕ ዝጀመረ። ብ1975 ደኣ፡ እንታይ ስለዝረኸበ እዩ ነዚ መትከል እዚ ጥሒሱ ካብ ተሓኤ፡ ብ1983 ካብ ባዕሉ ዝፈጠሮ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ እተባህለ ውድብ ዝሃውተተ?

ብዛዕባታ፡ ንተወከልቲ ውድብና ንምርካብ፡ ብሰክረታርያ እተላእከት ሰለስተ ዝኣባላታ ሽማግለ፡ ከምቲ እተባህለ፡ ድሕሪ ሰዓት 10፡30 ናይ ለይቲ ኣቢሉ ይኸውን መጺኣትና። ክልቲኦም ወከልቲ ውድብና ስለዘይነበሩ ድማ፡ ምኽንያት መምጽኢኣ እንታይ ምዃኑ እቶም ኣብ ገዛ ዝጸናሑ ኣባላት መሪሕነት ሓቲቶማ። ውድብና ይቕሬታ ክሓትትን ካብ ሒዝዎ ዘሎ መርገጽ ክስሕብን ክሓቱ ከምዝመጹ ገሊጾምሎም። ብድሕርዚ፡ እቶም እተቐበልዎም ኣባላት መሪሕነት፡ እዚ ጥራሕ እንተደኣኮይኑ ተልእኾኹም፡ ውድብና ሓሲቡን ኣጽኒዑን ዝወሰዶ መርገጽ ስለዝኾነ ኣይንስሕቦን ኢና ዝብል መልሲ ሂቦም ኣፋንዮምዎም። እዚ ዘመልክቶ ነገር እንተሃልዩ፡ እቲ ልኡኽ ንኽመያየጥ ዘይኮነስ፡ ነቲ ድሮ ተወሲኑ ዝነበረ ውሳኔ መሪሕነት ምሕዝነት ክሕብር እዩ መጺኡ። ውሳኔና ሰሚዑ ከኣ ተመሊሱ።

ኣብቲ ኣኼባ ርእይቶኹም ሂብኩም ርእይቶና ከይሰማዕኩም ወጽኢኹም ዝብልዎ ድማ ውጽኢቱ ንሶም ንዓና ተጋጊኹም ንሕና ከኣ ንዕኦም ተጋጊኹም፤ ንሶም ካብ መርገጽኩም ስሓቡ፡ ንሕና ከኣ ንሰኹም እባ ንሕሩይ ናይ ምምራጽ ዘሎ ውሳኔኹም ስሓቡ ምባል ክኸውን ምዃኑ ፍሉጥ እዩ ነይሩ። ስለዚ፡ እቲ ዕግበታትን መርገጻትን ኣብ መዓልቲ ናይ ምምኽኻር ውዱእ ስለዝነበረ ኢና ካብ ብዙሕ ኰለል ንነብስና ካብ መስርሕ ናይ ምርጫ ምግላል ዝወሰና።

እቲ መልሲ ዘድልዮ ሕቶ ግን፡ ወከልቲ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብቓል ይኹን ብጽሑፍ ኣባልነትና ኣብ ምሕዝነት ህያው እዩ እናበሉ እንከለዉ፡ ኣቶ ሕሩይ ውን ከምኡ ከምዝበሉ ኣብዚ ቃለ-መሓትት እዚ ብወግዒ እናተኣመነሉ፡ ንተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ንምድስካል ወይ ንምእጋድ ዘበገሶም ምኽንያት እንታይ እዩ ዝብል ክኸውን ይግባእ። ኣብቲ ብዓብደላ ኢድሪስን ሕሩይ ተድላን ናብ ወከልትና እተላእከ መልእኽቲ እኳ፡ “ንኣኼባ ረጊጽኩም ምውጻእኩም ከም ንምሕዝነት ዝገደፍክምዎ እዩ ተተርጒሙ” ዝብል ትሕዝቶ እዩ ሰፊሩ ዘሎ። ብቓልን ብጽሑፍን ኣባልነትና ኣብ ምሕዝነት ህያው ምዃኑ እናተገልጸሎም እንከሎ፡ ንምሕዝነት ከምዝገደፍናዮ ገይሮም ባዕሎም ትርጒም ክህብዎ መሪጾም። “ነዳይሲ ናይ ልቡ ይሓልም” ከምዝብሃል፡ ቀንዲ ዕላማ ኣቶ ሕሩይ፡ ንውድብና ካብ ምሕዝነት ንምርሓቕን ንምሕዝነት ንምብሓትን ምንባሩ ካብ ዘመልክቱ ጉዳያት ሓደ እዚ እዩ ነይሩ።

እስከ በቲ ኣቶ ሕሩይ ንምምራጽ ናይ ሓድሽ ኣባል ብዝምልከት ዘምጽኦ ስነ-መጐት ኣቢልና ነዚ ናይ ምንጥልጣል ስጒምቲ እዚ ንመልከቶ። ኣቶ ሕሩይ፡ ኣብ ህንጻ ሕጊ ምሕዝነት ነባር ይኹን ሓድሽ ንመሪሕነት ክምረጽ ዝፈላሊ ሕጊ የለን ካብ በለ፤ ንኣባልነት ሓደ ውድብ፡ እሞ ኸኣ ኣባልነተይ ህያው እዩ ዝበለ ውድብ ንምድስካል ወይ ንምግላል ዝወሰዶ ውሳኔኸ ኣበናይ ዓንቀጽ ናይቲ ህንጻ ሕጊ ከምዘሎ ክገልጸልና ወይ

ከርእየና ምኽኣለዶ? ነዚ ዝምልከት ሕጊ ስለዘየለ፡ ኣቶ ሕሩይ ክምልሶ ከምዘይክእል ንርዳእ ኢና። ግን፡ ነገር ኣቶ ሕሩይ፡ “ክውዕየካ ብማንካ ክዝሕለካ ብኢድካ” ምዃኑ ንምብራህ ጥራሕ ኢና ክንጠቕሶ መሪጽና።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ነዚ ሽግር እዚ ፍታሕ ክረኽብሉ ዕድል ብዝህብ መንገዲ ኣብ ክንዲ ዝኸዱ፡ ስለምንታይ ሽው ንሽው ብኢንተርነት ክዝርግሕዎ መሪጾም፤ እዚ ንጸረ ህዝቢ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ዕድል ምሃብዶ ኣይኮነን? ኣብ ህዝብና ዝገድፎ በሰላኽ ከመይ ትመዝኖ? ንዝብል ሕቶ ክምልስ ከሎ፥ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ንጕድለታቱ ክሽፍን ክብል ሓላፍነት ብዝጐደሎን ንህግዲፍ ብዘገልግልን ኣገባብ ኣብ መላእ ዓለም ናብ ፈታውን ጸላእን ክበጽሕ ገይሮሞ፤ ንሕና ግን በቲ ናቶም ኣገባብ ክንከይድ ኣይደለናን፡ ኾኑሉ ብትዕግስትን ብሓላፍነትን ክንሕዞ ኢና መሪጽና ክብል መለሰ። ድሕርዚ ከኣ ኢና ንሰክረታርያ ብዛዕባ እዚ ጕዳይ እዚ ክትውስን ምሉእ ሓላፍነት ዝሃብናያ ኢሉ።

ኣቤት ትዕግስቲ!!! ኣቤት ልቦና!!! ኣቤት ሓላፍነት!!! ኣኼባ ላዕለዋይ መሪሕነት እናተሳላሰለ እንከሎ፡ ዝተባህለን ዘይተባህለን፤ ክሳዕ ሕሩይን ዓብደላን ክምረጹ ምዃኖም ዝሕብር ምስጢር ምዕቛር ዝሰኣነት ቅድድቲ ሎቕታስ፥ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ካብ ኣኼባ ነብሱ ኣግሊሉ ዝብል ወረ ኻኽንድዚ ዝኣክል ግዜ ብምስጢር ክትሕዞ ዘይሕለምን ዘይሕሰብን እዩ።

ተወከልቲ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብዛዕባ ኣብ ልዕሊ ውድቦም እተወስደ ናይ ምድስካል ውሳኔ ብወግዒ ከይተሓበሩ፥ ዓለም ብምልእታ ሰሚዓቶ። ክሳብ ናብ መርበብ ኢንተርነት ዓዋተ.ኮም ውን ምኣስ ተላኢኹ ኣዐሪና ንፈልጥ ኢና። መሰረታትና፡ ከምዚ ይብሃል ኣሎ ሓቂ ድዩ ኢሎም ምስ ሓተቱና ሓቂ ኣይኮነን፥ ብትዕግስቲ ተጸበዩ፥ ንዓና እተዋህበና ወግዓዊ መልሲ የለን ኢልና ኢና ዝመለስናሎም። እቲ ጕዳይ ሓቂ ምዃኑ ምስ ኣረጋገጽና ግን፡ ብርግጽ ርእይቶና ብኢንተርነት ናብ መላእ ህዝብና ከምዝበጽሕ ጌርና።

ህዝባዊ ግንባር ከይግልገለሉ፥ ብዝብል ዘይረብሕ ስልቲ ንመትከልን ንህዝብን ዝምልከት ጕዳያት ሓባቢእና ክንከይድ እምነትና ኣይኮነን። ንሕና ግሉጽን ቅሉዕን ህዝቢ ዘሳትፍን ኣገባብ ኣሰራርሓ ኢና ንመርጽ። ዘለናዮ መዋእል ከኣ ከምኡ ክንገብር እዩ ዝጠልበና። እቲ ኣብ ሜዳ እንከሎና፡ ጸላኢ ከይሕጕስ፡ ጸላኢ ከይሰምዓና እናበልና ክንሓብኦ ዝፈተና ሕጽረታትን ጌጋታትን፤ ሓደ በላዕ ሰብ ዝኾነ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢዩ ኣምጺኡልና። ነዚ ጌጋ እዚ ሕጂ ክንደግሞ ድልዋት ኣይኮናን።

ህዝብና ከኣ፡ ካብዚ ኣኼባ እዚ ብዙሕ ትጽቢት ስለዝነበሮ፡ ብዙሕ ሰንቢዱ እዩ። እዚ ስንባደ እዚ ግን ግዝያዊ እምበር ዘላቒ ኣይኮነን። ንህዝብና ዘድልዮ ሓቂ ምፍላጥ እዩ። ሓቂ ዝፈለጠን ሓቅነት እተዓጥቀን ህዝቢ፡ ኩሉ ግዜ ተዓዋታይ ምዃኑ ምዝንጋዕ እዩ እቲ ዓቢ ጌጋ።

ኣቶ ሕሩይ፡ “ተወከልቲ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ካብ ኣኼባ ረጊጾም ብምውጽኦም ከም ካብ ምሕዝነት ዝስሓቡ ተተርጕሙ” እትብል ሓንቲ ካብተን ንተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ካብ ምሕዝነት ንምድስካል እተወስደት ምኽንያት፡ ሕፍር ከይበለ ከምኡ ኣይተባህለን ምባሉ ዘስደምም እዩ። እቲ ዝኸፍአ ከኣ፡ ካብዚ ንምህዳም ዝገበሮ ዕንክሊል እዩ። ሓንሳብ፡ ኣኼባ ረጊጽኩም ምውጻእኩም ንቻርተርን ህንጻ ሕግን ሃሪምኩም ይብል፡ ሓንሳብ ንኣባልነትኩም ባዕልኹም ሃሪምኩም ይብል፡ ኮታ መእሰርን መትሓዝን ዘይብሉ መልሲ እዩ ክህብ ፈቲኑ። እቲ ዝቐለለ ግን፡ ተመሊሱ ነቲ ዝጽሓፎ ደብዳቤ ምንባብ እሞ፡ እወ ኢልና ወይ ከኣ ኣይበልናን ዝብል መልሲ ምሃብ እዩ ነይሩ።

ንምኽኑኹ፡ ንሓደ ጕዳይ ወይ ኣሰራርሓ ተቓዊምካ ካብ ኣኼባ ምውጻእ፡ ምስ ቻርተር ዘዛምድ እንታይ ኣለዎ? ተቓዊምካ ካብቲ ኣኼባ እንተዘይወጻእካኸ ነቲ ቻርተር ኣይሃረምካን ወይ ኣይተቓወምካን ዲኻ ክትብሃል፡ ወይስ ፈጺምካ ተቓውሞ ከተስምዕ የብልካን እዩ ክበሃል ዝድለ ዘሎ? ናይ ድምጺ ተዓቕቦ ምግባር፡ ናይ ተቓውሞ ድምጺ ምሃብ፡ ተቓዊምካ ካብ ኣኼባ ምውጻእ ዲሞክራስያዊ ፓርሊያመንታዊ መሰላት እዮም። ትማሊ ስለዘይተጠቐምናሎም ሎሚ ክንጥቀመሎም የብልናን፤ ከም ልምዲ ስለዘይጸንሑና ዝጸንሓና ልምዲ ክንጥቀም ኣሎና ዝብል ኣርኣእያ ኣብ ሕሉፍ ጥራሕ ክነብር ናይ ዝደሊ ንህልውን መጻእን መድረኻት ዘይጥምት ድሑር ኣርኣእያ እዩ። ኣብ ናይ ትማሊ ንነብር ኔርና እንተኻንውን እሞ፡ ምስ ሕሩይ ውን ኮፍ ኣይምበልናን ኔርና።

ህንጻ ሕጊ ምሕዝነት ኣብ መንጐ ሓድሽን ነባርን ኣባል ንመሪሕነት ምምራጽ ዝፈላሊ ሕጊ የብሉን ካብ ተባህለ፤ ኣኼባ ረጊጹ ንዝወጸኸ ንኣግዱ፡ ነንጠልጥሎ፡ ንእሰሮ ዝብል ሕጊ ኣለዎዶ?

ኣቶ ሕሩይ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ቻርተር ጸኒዕና ኣሎና ኣባልነትና ኣብ ምሕዝነት ህያው እዩ ምባልን ንኣኼባ ረጊጽካ ምውጻእን ኣይቃዶን እዩ ኢሉና። ብሓቂ ዘደንጹ እዩ። እቲ ቻርተር ሒዝዎ ዘሎ ዕላማታት ናይ ህዝቢ ዕላማታት እዩ ተባሂሉ ካብ እተኣመነሉ፡ ናይ ምሕዝነት ብሕታዊ ንብረት ኣይኮነን ማለት እዩ። ኣብ ምሕዝነት ሃልዩ ተተርኢስዎ ዝድቅስን፡ ወጻኢ ካብ ምሕዝነት ኰይኑ ንዕላማታት ናይቲ ቻርተር ንምዕዋት ዝጓየን ክህሉ ከምዝኽእል ርዱእ እዩ ዝመስለና። ምሕዝነት እኳ መሳርሒ ወይ ናውቲ ደኣምበር፡ እቲ ቻርተር ወይ ዕላማ እዩ ማለት ኣይኮነን። እዚ ናውቲ እዚ ዘዐውት ክኸውን ይኽእል ዘየዐውት ክኸውን ይኽእል። ሓያል ወይ ድኹም ናውቲ ክኸውን ይኽእል። ዕላማታት ቻርተር ግን፡ ክሳዕ ዝረጋገጽ ነባሪ እዩ። 5ይ ስሩዕ ኣኼባ ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ምሕዝነት ድኹም ኣሎ፡ ሕጽረታት ኣለዎ፡ ክመሓየሽን ክምዕብልን ኣለዎ ዝብል ገምጋምዶ ኣይኮነን በጺሑ። ከምዚ ዝብል ገምጋም ስለዝበጽሐን ንኣሰራርሓኡ ስለዝነቐፈን ግን፡ ንቻርተር ኣይኣምነሉን እዩ፤ ንቻርተር ተቓዊሙ ከብሎ ፈጺሙ ኣይክእልን እዩ። ንሕና ከኣ፡ ነቲ ኣብ ኣሰራርሓ ምሕዝነት እተራእየ ጕድለት ኢና ተቓዊምና እምበር ንቻርተር ኣይተቓወምናን።

ኣቶ ሕሩይ ኣብ መልስታቱ ደጋጊሙ እተዛረበላ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ንነብሱ ኣዕብዩ ይርኢ፡ ነተን ካልኦት ውድባት ድማ የቆናጽብ ትብል ቃል እያ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዓቢ ውድብ ምዃኑን ናይ ህዝቢ ሰፊሕ ደገፍ ከምዘለዎን ሕጂ ውን፡ ኣፍና መሊእና ክንዛረበሉ ድሕር ኣይክንብልን ኢና። እንተቲ ኻልኦት ንኢስክን ኢሉ የቆናጽብ ዝብል ግን ኣይናትናን ኣይቃልናን እዩ። ብኣንጻሩ፡ እዚ ምሕዝነት እዚ ክምስረት እንከሎ፡ ዓብን ንእሽቶን ከይበልና ምስ ኵሉ ተራኺብና። ምስ ቆመ ውን ምትእምማን ንምፍጣር ካብ ዝብል እምነት እትረፍዶ ምስ ውድባት ምስ ውልቀሰባት ውን ማዕረ ድምጺ ሒዝና ክንዋሳእ ጸኒሕና። ሕጂ ውን እንተኾነ፡ ካብቶም ተራ ዘይበጽሖም ነባራት ውድባት ክንመርሕ ኢና እንተደኣ ኢሎም ድምጽና ንዕኦም ንህብ ዝብል መርገጽ ኢና ሒዝና። ስለዚ፡ እቲ ሕሩይ ዝብሎ ምቍንጻብ ኣበይ ኣሎ!!! ግን ንሕሩይ ክንመኽሮ እንደሊ፡ ዝኾነ ሰብ ንእሽቶ ውድብ ኢኻ፡ ብዙሓት ሰዓቢ የብልካን እንተበሎ፡ ዘቆናጽቦ ዘሎ ከይመስሎ፤ ወይ ከኣ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ከምኡ ንኽብል ዝመኽሮ ገይሩ ከይርድኦ ሓደራ። ህዝቢ ዓይንን እዝንን ኣእምሮን ስለዘለዎ፡ ስምዒታቱ ክገልጽ መሰሉ እዩ። ንእሽቶይ ውድብ እንተኾይኑ ንእሽቶይ እየ ምባል፡ ዓቢ ውድብ እንተኾይኑ ዓቢ እየ ምባል ነውሪ ኣይኮነን። ዘይኮንካዮ ክትመስል ምፍታን ግን፡ መንዓቒካ እዩ።